ማእከል ቤት ህንፀት ዉቅሮ ንተሃነፅቲ ሕጊ ን2018 ዓም በጀት ዓመት ንሐደ ዓመት ዉዕሊ ኣሲሩ ክምግብ ዝክእል ሕጋዊያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክህብ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጳጉሜን 5, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 13, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 14, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካፌን ሬስትራንትን/

1 ብናይ ሆቴል ሪስቱራንትን ቤት ቁርስን ፍቃድ ብግዲ ዘለዎም ናይ 2017 ዓም ወይድማ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ፈቃድ ንግዲ ዘቕርብ

2 ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ናይ 2017 ዓም ወይድማ ናይ 2018 ተሐደሰ ዘቕርብ

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪን ቫት ዝተመዝገበን ምስክር ወረቀት ዘቕርብ

4 ወርሓዊ ናይ ቫት ሪፖርት ወርሒ ሐምለ 2017 ዓም ዘቕርብ

5 ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራብዓይ ዝተዘርዘሩ ዋናን ምስ ዘይምለስ ቅዳሕ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል

6 መከበሪ ጨረታ እቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ስፒኦ ብጥረ ገንዘብ 30000 ቅርሺ ክትሕዝ ዝክእል

7 ንሐደ ተሃናፂ መዓልታዊ በጀት ምሳ ቫቱ 98.1ቅርሺ ኣብ ወርሒ ድማ 2943 ቅርሺ ጥራሕ ምካኑ

8 ጨረታ ሰዓራይ ምካኑ ካብ ዝተረጋገፀሉ መዓልቲ ድሕሪ ሰለሰተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል በቲ ዝተጠቀሰ መዓልቲ ዉዕሊ እንተዘይ ኣሲሩ ዘትሓዞ መከበሪ ጨረታ ናብ ናይ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይግበር

9 ተጫረቲ ዝርዝር ስነድ ጨረታ ዝግለፅ ካብ 3/13/2017 ዓም ክሳብ 13/1/2018 ዓም ሰዓት 8:30 ዘይምለስ ብር 200 እናከፈሉ ካብ ቢሮ ቁፅሪ 4 ክወስዱ ይክእሉ

10 እቲ ጨረታ 13/1/2018 ዓም ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ድሐሪ ቀትሪ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይኹን ኣብ ዘየትረከብሉ ይክፈት

11 ዝርዝር መዓቀኒ ኣማሊኡ ዘይቀረበ ተጫራታ ካብ ዉድድር ዉድቂ ይግበር

12 ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳሪ ካብ ጠቅላላ ናይ ወርሒ ዝከፈሎ ብር 10 ሚእታዊ መከበሪ ዝትሕዝ ኮይኑ ንዘቕርቦ ግልጋሎት ምግቢ ዋጋ 10000 እንተኮይኑ ሰለስተ ሚእታዊ ዊዝሆለድ ታክሲ ይከፈል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ናይ ማይን መብራህቲን ክፍሊት እቲ ድርጅት ዝሸፍን ኮይኑ ዝተረፈ ናይ ሰራሕተኛታት ወፃኢታት በዓል ዝሸፍን

14 ንምግብና ዘድልዩ መሳርሒታት ናይ ቤት ዕዩና ንብረት ዘለዎ እንተኮይኖም ንሰለሰተ ወርሒ ይጥቀም ድሕሪ ሰለሰተ ወርሒ ግን ብክራይ መልክዕ ክጥቀም ይክእል

15 እቲ ዝምልእ ዋጋ ምስ ቫቱ ዝሐወሰ ኮይኑ ኣብ ፅሬትን ምዉሳክ ዝክኣል ኮይኑ ወይድማ ምቅናስ ኣይከኣልን

16 እቲ ዝምለእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ ኣይግባእን ናይ ተጫረቲ ንፁር ኣድራሻ ማህተም ሽምን ፊርማን ብምግባር አብቲ ቤት ፅሕፈትና ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዋጋ መምልኢ ቅብሊት ብፖስታ ብምዕሻግ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 4 ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘእትዉ

17 ዋጋ ጨረታ ፀኒሑ ዝፀንሐሉ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታሊ 20 መዓልቲ ይከዉን

18 ቤት ህንፀትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0942660820 / 0914112307

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle